

# ስመ ዝናዊ
# ነፍስሄር ኣብርሃም ነጋሲ

**ጃንዋሪ 1፡ 1944 - ጃንዋሪ 28፡ 2018**

ሃይለ መንገሻ ዑቕበ
ቶሮንቶ፡ ካናዳ

ፈብሩዋሪ 1፡ 2018

እቲ ብዕለት 28፡ 2018፡ ኣብ ፈይስቡክ፡ ብክቡር ኣቶ ፍጹም ይኩኖኣምላክ ሸየር ዝኾነ፡ ዜና ናይ ሞት ክቡር ኣብርሃም ነጋሲ ምስነበብኩ፡ ንእለቱ ቀዘዝ በልኩ። ሞት ናይ ኣብርሃም ነጋሲ፡ ከም ሓደ ሕሱም መርፍእ ሽቕ ዘብል'ዩ ኔሩ።

## ኣብ እገለ ሓመስ፡ ኣብ 70ታት።

ኮቴተታት ከሎና፡ ኣብ መፋርቕ 70ታት፡ ኣብቲ ዝነበረ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ናይ ህዝባዊ ሓይልታትን ውድድራት "ኣብርሃም ነጋሲ፡ ተወልዋላይ ዘይቲ" እናተባህለ ኣብ ከባቢ ዓድታትና ይድረፍ ብምንባሩ፡ ቅድሚ ንኣብርሃም ነጋሲ ብኣካል ገጹ ምርኣይና፡ ብስሙ ጥራይ ነቲ "ተጋዳላይ ናይ ጀብሃ" መን ምዃኑ ፈሊጥናዮ ዝነበርና፡ ማእለያ ኣይነበረናን።

ከባቢ ዓድታትና ዝብለኩም ዘለኹ እገለ ሓመስ (ኣከለ ጉዛይ) ማለት'ዩ። እገለ ሓመስ ማለት ከኣ፣ ኣብቲ ሽዑ እዋን ህልም ዘለ ፕሮ ህዝባዊ ሓይልታት ከባቢ ኢዩ ዝነበረ።

እምበኣርከስ ወዲ ነጋሲ፡ ኣብቲ ፕሮ ህዝባዊ ሓይልታት ዝኾነ መሬት'ውን ስሙ ሃቢቡ ኢዩ ዝነበረ። ይኹን ድኣምበር፡ ብኣሉታ ነበረ። ብዘየገድስ ግን በቶም ብግቡእ ዝፈልጥዎ ይኹኑ በቶም ብግቡእ ዘይፈልጥዎ፡ ወዲ ነጋሲ ካብ ቀደሙ፡ ስሙ ከም ከዋኽብቲ ኣብ ሰማይ ዝተሰቕለ ነበረ።

## ኣብ መኣዲ ቃልሲ፡ ኣብ ዳያስፖራ።

እቲ ኣብ እገላ ሓምስ፡ ብገጽ ዘይኮነስ "ብጸርፊ" ዝተላለኽዎ ሰብ፡ ኣብ መኣዲ ቃልሲ፡ ኣብ ዳያስፖራ ብሂየት ረኺብክዎ። ንፈለማ ግዜ፡ ኣብ ቶሮንቶ፡ ገጹ ክሪአ በቓዕኩ።

ኣብ 2000 ዓ.ም.፡ ሃገራዊ ምሕዝነታዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ጨንፈር ሰሜን ኣሜሪካ ዘዳለዎ 2ይ ጉባኤ ንኽካፈል፡ ካብ ካሊፎርንያ ምስ በዓልቲ ቤቱ ንቶሮንቶ መጺኡና ነበረ። በቲ ኣጋጣሚ፡ ኣነን ንሱን ጽቡቕ ጌርና ብኣካል ክንላለ በቓዕና። ሽዑ ሓደ ለይቲ፡ ንሱን ሰበይቱን፡ ናይ ክብሪ ኣጋይሸይ ኮይኖም ኣምሲዮም፡ ኣብ ገዛና ሓዲሮም ብድሕሪኡ ንካሊፎርንያ ተመልሱ።

ክቡር ነፍስሄር ኣብርሃም ነጋሲ፡ ኩላህና ከምንፈልጦ፡ ብቓልሲ ዝመጸ ትጉህን ውፉይን መገሻታት ዘየሰልክዮን ሃገራዊ ነበረ። 2ይ መለለዪ ጠባዩ፡ ኣርማ ነበረ። ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ፎቶ፡ ኩሉሳዕ ኤለጋንተ ዝኸደን፡ ኮርዒዳ ነበረ።

ንስድራ ቤቱ ጽንዓት ይሃቦም።
ታሪኽ ስመ ዝናዊ ክምንስ ክነብር'ዩ።